ምምሕዳር ክራይ( Tenancy Management)

1. ሓድሽ ገዛ ንምርካብ ኣብ ትፍርሙሉ እዋን፡ ካባና ክትጽበይዎ ዝግባእ ኣገልግሎትን ደረጃ ብሉጽነትን ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘት ናይ ተኻረይቲ መጽሔት ክንህበኩም ኢና።

2. ናብ ገዛኹም ግዒዝዝኩም ምስ ኣተኹም ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ኩሉ ነገር ደሓን ምህላዉ ክንርእይን፡ ሓገዝን ምኽርን ከነወፍየልኩምን ኣብ ሓድሽ ገዛኹም ክንበጽሓኩም ኢና። ሓደሽቲ ተኻረይቲ እንተኾይንኩም ብተወሳኺ ኣብ ናይ መጀመርታ ዓመት ክራይኩም ክልተ ግዜ መሊስና ክንበጽሓኩም ኢና።

3. ናይ መጀመርታ ዓመት ቅድሚ ምውድኡ 10 መዓልታት ኣቐዲምና ናይ መላለዪ ክራይኩም ናብ ጽኑዕ ክራይ ብዛዕባ ምቕያር ዝምልከት ዝኾነ ውሳነ ክንሕብረኩም ኢና።

4. ክራይኩም ብዝምልከት ዘለኩም ዝኾነ ሕቶ ኣብ ውሽጢ ሓደ መዓልቲ ምቕባልና ሓቢርና፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ሙሉእ መልሲ ክንህብ ኢና።

5. ክራይኩም ለውጢ ክትገብሩሉ ትደልዩ እንተኾይንኩም፡ በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ብህጹጽ መልሲ ክንህብ ኢና፡

- ዘድልዩ ዝምልኡ ወረቓቕቲ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ብምስዳድ
- ዝተመልአ ወረቓቕትኹም ካብ ዝተቐበልናሉ ግዜ ጀሚርና ኣብ ውሽጢ 20 መዓልታት ሕቶኹም ብምርኣይ
- ውሳነና ብጽሑፍ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ስራሕ ብምሃብ።

6. ክራይኩም ኣብተቋርጹሉ ግዜ ክራይኩም ተቋርጹሉ ኩነታት

ብዝምልከት ንምምይያጥ ክንበጽሓኩም ኢና፡ እዚ ምኽሪ ክትወስድዎም ዘለኩም ስጉምትታት ዘጠቓልል እዩ።

ምምሕዳር ኣታዊ( Income Management)

1. ክፍሊት ክራይ ዝውስኽ እንተኾይኑ 4 ሰሙን ኣቐዲምና ብጽሑፍ ክንሕብረኩም ኢና።

2. ጸብጻብ ክራይኩም እንተወሓደ ኣብ ዓመት 4 ግዜ ብዝመረጽኩሞ ዓይነት ሓበሬታ ክንሰደልኩም ኢና።

3. ክራይኩም ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታትን ኣብ ዓመት ን365 መዓልታትን ክትከፍሉሉ እትኽእሉ ምርጫን ብዙሓት መንገድታት ክፍሊትን ክንህብ ኢና።

4. ክራይኩም ምስ ጀመረ ኣብ ውሽጢ 4 ሰሙን ክፍሊት ክራይኩም ብዝምልከት ንምምይያጥን ምኽርን ሓበሬታን ንምውፋይን ክንበጽሓኩም ኢና።

5. ተኻረይቲ ንምዃን ኣብ ትፍርሙሉ እዋን፡ ኣብ ሰሙን ክንደይ ከምትኽፍሉ፣ ብኸመይን ኣበይን ከምትኽፍሉን፣ ብኸመይ ክንሕግዝ ከምንኽእልን ዝገልጽ ሓበሬታ ክንህበኩም ኢና።

6. ኣብ ሰሙን ትኸፍሉ ኮይንኩም ናይ 2 ሰሙን ዘይተኸፍለ ጸብጻብ እንተለኩም ወይ ኣብ ወርሒ ትኸፍሉ ኮይንኩም ናይ 5 ሰሙን ዘይተኸፍለ ጸብጻብ እንተለኩም ሓገዝን ምኽርን ንምውፋይ ብቕልጡፍ ብደብዳቤ ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

7. እንተወሓደ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ካብ ምምሕዳር ኣታዊ ብእትረኽብዎ ኣገልግሎት ዘለኩም መጠን ዕግበት ክንመዝኖ ኢና።

ሓገዝ ዝወሃበሉ ኣባይቲ( Supported Housing)

1. ምልክታኹም ምስበጽሐ ዘድልየኩም ሓገዝ ንምግምጋምን ምኽሪ ንምውፋይን ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ክንበጽሓኩም ኢና።

2. ተለዋዋጢ ኩነታትኩም ንምዕዛብን ንምሕዳስን ኣብ ዓመት 4 ግዜ ምስ ወሃቢ ሓገዝኩም ክንበጽሓኩም ኢና።

3. ኣብ ጋንታ ሓገዝ ዝወሃበሉ ኣባይትን ፍሉይ ወሃቢ ሓገዝኩምን እትረኽብዎ ኣገልግሎት ዘለኩም መጠን ዕግበት ክንመዝኖ ኢና።

ምርካብ ኣገልግሎትን ሓልዮት ዓማዊልን( Access and Customer Care)

ሕቶታት ብህጹጽ፣ ብኽብረትን ፍረ ብዘርክብ መንገድን ክንፈትሕ ኢና፡ ከምኡ'ውን ነዞም ዝኽተሉ ደረጃታት ብምምላእ ብሉጽነት ኣገልግሎትና ከነራጋግጽ ኢና፡

- ምርካብ ኣገልግሎት ብዝምልከት 90% ሓፈሻዊ ዕግበት ዓማዊል ምውቃዕ
- 90% ዝኾኑ ዓማዊልና ብኽብረትን ስነስርዓትን ከምዘገልገልናዮም ሓቢሮም
- 80% ዝኸውን ሕቶታት ኣብ መጀመርታ ዝቐረበሉ ግዜ ምፍታሕ
- 80% ዝኸውን ዝተደወለ ርክብ ቴሌፎን ኣብ ውሽጢ 20 ሰከንድታት ምምላስ
- ገጽ ብገጽ ካብ ዝቐርቡ ሕቶታት 90% ዝኾኑ ናብ ማእከል ዋን ስቶፕ ሾፕ ድሕሪ ምእታዎም ኣብ ውሽጢ 15 ደቓይቕ ምፍታሕ
- 90% ናይ ብደብዳቤን ብኤሌክትሮኒካዊ መልክዕን ዝቐረቡ ሕቶታት ከምዝበጽሑና ኣብ ውሽጢ ሓደ ናይ ስራሕ መዓልቲ ከነፍልጥ
- 80% ናይ ብደብዳቤን ብኤሌክትሮኒካዊ መልክዕን ዝቐረቡ ሕቶታት ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ብሙሉእ መልሲ ምሃብ
- 90% ናይ ንህቦ ኣገልግሎት ደረጃ ብሉጽነት ምስጢራዊ ዓሚል ከምዘማልእ ምርግጋጽ።

ጸረ ማሕበረሰባዊ ጠባይ( Anti-Social Behaviour)

1. ኣዝዮም ከበድቲ ዝኾኑ ጉዳያት ዘጋጠሙ ወይ መፈክር ጎነጽ ብዝምልከት ምስእትሕብሩና ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

2. ካልእ ዓይነት ጉዳያት ጸረ ማሕበረሰባዊ ጠባይ ብዝምልከት ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልታት ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

3. ጉዳይኩም ብዝምልክት ዘሎ ሓድሽ ነገር ንምሕባር እንተወሓደ ኣብ 28 መዓልታት መመሊስና ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

4. ጉዳይኩም ምስተደምደመ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት መሊስና ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

5. ጥርዓንኩም ብናይ ኣገልግሎት መሐበሪ 24 ሰዓታት ምስእተፍልጡና ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

6. ጥርዓንኩም ብዌብሳይትና ምስእተፍልጡና ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

7. ግቡእ ኣብ ዝኾነሉ ኩነታት ኣገልግሎት ሽምግልና ንኹሎም ዓማዊልና ከነወፍይ ኢና።

ቤታዊ ጎነጽ (Domestic Violence)

1. ፍጻመ ቤታዊ ጎነጽ ብዝምልከት ምስእትሕብሩና ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

2. ጉዳይኩም ብዝምልክት ዘሎ ሓድሽ ነገር ንምሕባር እንተወሓደ ኣብ 28 መዓልታት መመሊስና ምሳኹም ክንራኸብ ኢና።

3. ኣዝዩ ከቢድ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ንተበደልቲ ሓለዋ ንምሃብ ቅልጡፍ ወይ ህጹጽ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና።

4. ቤታዊ ጎነጽ ብዝምልከት ዘለኩም መሰል ምስጢራውነት ጉዳይኩም ከነኽብረልኩም ኢና። ከምኡ'ውን ዝርዝር ጉዳይኩም ፍቓድኩም ብጽሑፍ ከይተዋህበና ምስ ዝኾነ ካልእ ኣካል ኣይክንማየየጦን ኢና።

5. እንህበኩም ኣገልግሎትን ውጽኢት ጥርዓንኩም ብዝምልከት ዘለኩም ዕግበት ክንዕዘብን ነቲ ውጻኢት ኣብ ሸሽድሽተ ኣዋርሕ ክንሓትምን ኢና።

ዘይተታሕዙ ኣባይትን ኣመዳድባን( Empty Homes and Allocations)

1. ዘይተታሕዙ ኣባይቲ ጸጊንና ኣብ ውሽጢ 32 መዓልታት ዳግም ንኽራይ ክነሳናድዎም ኢና።

2. ሓድሽ ገዛኹም ደረጃ ብሉጽነት ዘይተታሕዙ ኣባይትና ከምዘማልእ ቅድሚ ምክራይኩም ክነረጋግጽ ኢና።

3. ኣብ ወወርሒ ተቐጻጸርቲ ተኻረይቲ ሓድሓደ ዘይተታሕዙ ኣባይትና ንኽፍትሹ ክንዕድም ኢና።

4. ዝኾነ ሓድሽ ናይ ሊድስ ኣባይቲ መዝገብ ወረቐት ምልክታ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንምዝግቦ ኢና።

5. ናይ መጻኢ ቤትኩም ንኽትርእይዎ መሰነይታ ክነወፍየልኩም ኢና።

6. ካብ ጋንታ ምደባ ዘይተታሕዙ ኣባይቲ እትረኽብዎ ዘለኹም ኣገልግሎት ዘለኩም መጠን ዕግበት ክንመዝኖ ኢና።

ምምሕዳር ኣባይቲ( Estate Management)

1. ምምሕዳር ኣባይትን ከባባዊ ኣገልግሎታትን ብዝምልከት ዘለኩም መጠን ዕግበት 90% ንምውቃዕ ብዝብል ዕላማ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ክንመዝኖ ኢና።

2. 90% ኣባይትና ላዕለዋይ ደረጃ ብሉጽነት ክረኽቡ ክነተኩር ኢና፣ ከምኡ'ውን ኣባይቲ ብኸመይ መንገዲ ደረጃ ብሉጽነት ከምዝወሃቦም ኣብ መጽሔት ዓማዊልን ዌብሳይትን ክንሓትም ኢና።

3. ወሰን መንገድን ናይ ሓባር ሳዕሪ ዘለዎ ከባብን ኣብ ዝዕጸደሉ ወቕቲ ኩነታት ኣየር ኣብዝፈቕደሉ እንተወሓደ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ክንቆርጾ ኢና።

4. ኣብ ኣፓርታማታትን መይሶነታትን ዘሎ ናይ ሓባር ቦታ እንተወሓደ ኣብ ሰሙን ሓንሳብ ክነጽርዮ ኢና።

5. መስቶኺ ጎሓፍ ሓበሬታ ምስተዋህበና ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክፌትና ክነዐርዮ ኢና።

6. ደርብታት ኣብ ዘለዎም ኣፓርታማታት ዘለዉ ናይ ሓባር መስኮታት ኣብ ዓመት ሓንሳብ፣ ሓልዮት ኣብ ዝወሃበሎም ውጥናት ኣብ ሰሰለስተ ኣዋርሕን ትሑት ደርቢ ዘለዎም ኣፓርታማታትን መይሶነታትን ድማ ኣብ ሸሽድሽተ ኣዋርሕ ክነጽርይ ኢና።

7. ምድብቲ ጋንታና ጸረ ዓሌታዊ፣ ጸረ ጾታዊ በዓለገን ዘጸይፍን ጽሑፋት ግራፊቲ ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ከተልግስን፡ ዝኾነ ካልእ ዓይነት ጽሑፍ ግራፊቲ ድማ ኣብ ውሽጢ 4 ናይ ስራሕ መዓልታት ከተልግስን እያ።

8. ዝተለጠፈ ወረቐት ብዝምልከት ምስተሓበርና ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ከነልግሶ ኢና።

ሓልዮት ዝወሃበሉ ኣባይቲ( Sheltered Housing)

1. ናይ መጻኢ ሓልዮት ዝወሃበሉ ሓድሽ ቤትኩም ንኽትርእይዎ መሰነይታ ከነወፍየልኩም ኢና።

2. ናይ ሓልዮት ደወል ሓደጋ ብምውፋይ ድሕንነትኩምን ጸጥታኹምን ንምምርግጋጽ ክንሕግዝ ኢና።

3. ናይ ዋርድያ ኣገልግሎት ሓገዝ ብምውፋይ ኣብቲ ዝውሃብ ኣገልግሎት ዘለኩም ዕግበት ክንመዝኖ ኢና።

4. ተጎዳእቲ ዝኾኑ ሰባት ነብሶም ክኢሎም ክነብሩሉ ዝኽእሉ ኩነታት ንምምዕባል ሓገዝ ንምሃብ ክንጽዕር ኢና።

5. ናይ ኣባይትኹም ውሽጣውን ናይ ደገን ናይ ሓባር ምርመራ ምግባርን ብዛዕባ ዘተሓሳስቡኹም ነገራት ክትሕብሩናን ዕድል ክንህበኩም ኢና።

ተኻራዪ( Leaseholder)

1. ኣብ ውጥንና ዘሎ ኣብ እትነብሩሉ ኣባይቲ ዝፍጸም ዓቢይ ዝኾነ ናይ ጽገና ወይ ምምሕያሽ ስራሕ ብዝምልከት ምሳኹም ክንማኸርን ኣብ ዝኾነ ስራሕ ጽገና ወይ ምምሕያሽ ዘለኩም ምርጫታት ኣከፋፍላ ክንገልጸልኩምን ኢና።

2. ብመሰረት ውዕል ክራይኩም ካብ ስምምዕ ነጻ ናይ ምኺን ምልክታኹም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ምቕባልና ክነፍልጠኩም ኢና።

3. ሕቶኹም ኣብ ውሽጢ 1 መዓልቲ ምቕባልና ሓቢርና፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ሙሉእ መልሲ ክንህብ ኢና።

4. ጥርዓንኩም ኣብ ውሽጢ 1 መዓልቲ ምቕባልና ሓቢርና፡ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ሙሉእ መልሲ ክንህብ ኢና።

5. ናይ ኣገልግሎታት ምምሕያሽ ንምክያድ ክትሳተፉሎም እትኽእሉ ዝተፋላለዩ መንገድታት ንምውፋይ ኣብ ዓመት እንተወሓደ ክልተ ንተኻረይቲ ዝኸውን ክፉት ኣኼባ ከነካይድ ኢና።
6. ኣብ ዓመት እንተወሓደ 2 ዓማዊል ድምጾም ዘስምዑሉ ኣኼባታት ከነካይድ ኢና።

7. ሙሉእ ተኻራያይ ኣብ ዝኾንኩምሉ እዋን ውዕል ክራይኩም፣ መሰላትኩምን ሓላፍነታትኩምን ትገልጽ። ናይ ተኻረይቲ መጽሔት ክንህበኩም ናብ ገዛኹም ክንበጽሕ ኢና።

8. ቅድሚ ኦክቶበር 1 ካብ ግቡእ ንታሕቲ ወይ ንላዕሊ ዝተገብሩ ክፍሊት ዘድልዮም ወጻኢታት ዝገልጽ ናይ ዓመት ጸብጻብ ክንህብ ኢና።

9. ንተኻረይቲ ክኽፍሉሎም ዝኽእሉ ብዙሓት ዓይነት መንገድታት ክንህቦም ኢና።

10. ናይ ተኻረይቲ መጽሔታት ብተደጋጋሚ ከነፍርይ ኢና።

11. ዓመት ዓመት እዞም ደረጃታት ብሉጽነት ኣገልግሎታት ብዝምልከት ከመይ ከምዝኸድና ክንሕብረኩም ኢና።

12. ኣዝዮም ከቢድቲ ዝኾኑ ጉዳያት ጸረ ማሕበረሰባዊ ጠባይ ዘጋጠሙ ወይ መፈክር ጎነጽ ዘለዎም ብዝምልከት ምስእትሕብሩና ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ምሳኹም ክንራኽብ ኢና። ካልእ ዝኾነ ዓይነት ጉዳያት ጸረ ማሕበረሰባዊ ጠባይ ብዝምልከት ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ምሳኹም ክንራኽብ ኢና።

13. ናይ ዝቕጽል ዓመት ጸብጻብ ቅድሚ ምእታዉ 4 ሰሙን ኣቐዲምና ግምታዊ ክፍሊት ኣገልግሎት ከነፍልጠኩም ኢና፡ እቲ ትኽክል መጠን ክፍሊት'ውን ቅድሚ ኦክቶበር 1 ከነራጋግጸልኩም ኢና።

14. ናይ ኣገልግሎት ክፍሊት ካብ ግቡእ ንላዕሊ ከፊልኩም እንተኾይንኩም ዓመታዊ ጸብጻብ ምስወጸ ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንመልሰልኩም ኢና።

ተሳታፍነት ዓማዊል( Customer Involvement)

1. ነዚ ኣብ መጽሔት ተሳታፍነት ዓማዊል ንምሕታም ክትሳተፉሎም እትኽእሉ ንዓማዊልና ነላልዮም ብዙሓት መንገድታት ከነወፍይ ኢና።

2. ምሳና ወይ ምስ ማሕበረሰብኩም ክትሕወሱ ንምርዳእ ሓገዝን ታዕሊምን ከነወፍይ ኢና።

3. ብቐሊሉ ዝርከቡ መራኸቢ ቦታታት ክንጥቀምን፣ ኣተርጎምትን ናይ መጎዓዝያን ሓልዮት ቆልዑትን ሓገዝ ወይ ናይ ኣላዩት ወጻኢ ክንህብን ኢና።

4. ኣብ ሰሰለስተ ኣዋርሕ ምሳለታት ተሳታፍነት ዘስዓቦም ለውጥታት ኣብ ዌብሳይትናን ኣብ 'ዘ ባዝ' ዝተባህለ መጽሔት ዓማዊልን ክንሓትም ኢና።

5. ውጽኢት ዕዮና ምስ ዕላማና ብምንጽጻር ኣብ ሰሰለስተ ኣዋርሕ ውጽኢት ክንሓትም ኢና። እዚ ነዞም ዝስዕቡ ዘካትት እዩ፡

- ሚእታዊ ብዝሒ ብማሕበር ተኻረይትን ነበርትን ወይ ከባባዊ ወኪል ዝውከላ ኣባይቲ ካውንስል
- ሚእታዊ ብዝሒ ብናይ ምስታፍ ዕድሎም ዕጉባት ዝኾኑ ዓማዊል

- ሚእታዊ ብዝሒ ርእይቶና ይስምዓልና ኣሎ ብምባል ዕጉባት ዝኾኑ ዓማዊል
- ብዝሒ ታዕሊም ዝወሰዱ ዘለዉ ዓማዊል።

ጥርዓናት( Complaints)

1. ጉዳይ ምቅራብ ጥርዓን ቀሊል ከምዝኸውን ክንገብር ኢና።

2. ጥርዓን ምስትሰዱልና፡ ነቲ ጉዳይ መን ከምዘካይዶ ብምጥቃስ ኣብ ውሽጢ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ ክንምልስ ኢና።

3. ጥርዓን ካብዝተቐበልናሉ ግዜ ጀሚሩ ንኹሎም ጥርዓናት ብሙሉእን ብቕልጡፍን መርሚርና ኣብ ስምምዕ ዝበጽሐ መፍትሕ ሒዝና ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ክንምልስ ኢና።

4. ንኹሎም ጥርዓናት ብመጠን ዕግበት ዓማዊልና ክንፈትሖም ክንጽዕር ኢና፡ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ስርሒት ጥርዓንና ሳልሳይ ደረጃ ንዝበጽሐ ጥርዓን ተኻሪይትና ኣብቲ ጉዳይ ዳንነት ከነሳትፎም ኢና።

መልሲ ስራሕ ጽገና( Responsive Repairs)

1. ህጹጽ ስራሕ ጽገና ከምዘድልይ ምስዝሕበረና ብቕልጡፍ ኣብ ውሽጢ 3 ሰዓታት ብምብጻሕ ክንምልሶ ኢና። እቲ ጽገና ሽዑ ንሽዑ ክፍጸም ዘይከኣል እንተኾይኑ፡ ነቲ ስራሕ ንጽባሒቱ ከነማልኦ ኢና።

2. ዝተሓበረና ዘድልይ ህጹጽ ስራሕ ጽገና ብቕልጡፍ ከነካይዶን 98% ኣብ ዝኾነ እዋን ነቲ ስራሕ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንውድኦ ኢና።

3. ዝተሓበረና ዘድልይ ህጹጽ ዘይኮነ ስራሕ ጽገና ኣብ ውሽጢ 20 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንውድኦ ኢና።

4. ናይ ጽገና ስራሕ ክቕጽል ፍቓድ ቅድሚ ምሃብና ኣቀዲምካ ምርመራ ዘድልዮ ጉዳይ እንተኾይኑ፡ ኣብ ውሽጢ 8 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንመጽእ ኢና።

5. ንዓኹም ኣብ ዝጥዕመኩም መዓልቲ ቆጸራ ክንሳማማዕ ኢና፡ ነዚ ብጽሑፍ ከነረጋግጽን ነቲ ቆጸራ ከነኽብርን ኢና።

6. ናይ መራኸቢ ሓበሬታ እንተለና ኣብ መዓልቲ ቆጸራ ደዊልና መዓስ ክምንበጽሕ ከነረጋግጸልኩም ኢና።

7. ናይ መራኸቢ ሓበሬታ እንተለና ካብ መዓልቲ ቆጸራ ኣቐዲምና ከምንመጽእ ከነዘክሮም ንዓማዊልና ናይ ቴክስት መልእኽቲ ክንሰደሎም ኢና።

8. ኩሉ ስራሕ ጽገና ብግቡእን ብደንብን ከነማልኦ ኢና፡ ከምኡ'ውን ዝሰራሕናሉ ቦታ እንዳጽረናን ብጽፉፍን ምዕሩይን ኩነታት ክንገድፎ ኢና። ኣብ ወርሒ ወርሒ ኣገልግሎት ጽገና ብዝምልከት መጠን ዕግበት ዓማዊል

ክንመዝን ኢና። ጽገና ክግበረሎም ዝሓበሩ ዓማዊል ኩሎም ናይ ዕግበት ወረቐት ጸብጻብ ናይ ምስዳድ ዕድል ክህልዎም እዩ።

9. ንኹሎም ዓማዊልናን ንብረቶምን ብስነ ስርዓትን ክብረትን ክንኣልዮም ኢና፡ ከምኡ'ውን ኣካይዳና ከም መጠን በዓል ሞያ ክንቅጽልን፡ መንበሪ ኣባይቲ ኣብንበጽሓሉ እዋናት ኩሉ ግዜ ወረቐት መንነትና ከነርእይን ኢና

10. ተኺናተርትና ብግቡእን ከም መጠን በዓል ሞያታትን ተኸዲኖም ከማልእዎ ካብኦም ትጽቢት ዝግበረሉ ስራሕ ከካይዱን ከምኡ'ውን ናይ ትካል ድቢዛ ክለብሱን እዮም።

ለውጥታት( Adaptations)

1. ብመሰረት ዓይነት እቲ ክፍጸም ዘለዎ ዕዮ፡ ዝኾኑ ካልኦት ንኣሽቱ ለውጥታት ዓማዊል ካብ ዝሓበሩና ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 7 ወይ 28 ናይ ስራሕ መዓልታት ክነማልኦም ኢና።

2. ካብ በዓል ሞያ ኦኪዩፔሽናል ቴራፒ ክፍጸም ብዛዕባ ዘለዎ ዓቢይ ናይ ለውጢ ስራሕ ሓደ ዓይነት ምኽሪ ከምዝተቐበልና ኣብ ውሽጢ 5 መዓልታት ብጽሑፍ ክንሕብረኩም ኢና።

3. ብዛዕባ ዓቢይ ናይ ለውጢ ስራሕ ዝወሰድናዮ ውሳነ ብዝምልከት ካብ በዓል ሞያ ኦኪዩፔሽናል ቴራፒ ምኽሪ ካብ ዝተቀበልናሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 25 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንሕብረኩም ኢና። እቲ ስራሕ ክፍጸም ዘይከኣል ወይ ዘይግባእ እንተኾይኑ፡ መግለጺ ሂብና ምኽንያታቱ ብጽሑፍ ብምርግጋጽ ካልእ ምርጫታት ኣባይቲ ክንድህስስ ኢና።

4. ቀዳምነት ዘለዎ ኩሉ ዓቢይ ናይ ለውጢ ስራሕ፡ ብመሰረት ካብ በዓል ሞያ ኦኪዩፔሽናል ቴራፒ ብዝተዋህበ ምኽሪ ዝሕብሮ ኣተሓሳልዋ ግዜ ከነማልኦ ኢና።

ቀዳምነት 1 ለውጥታት ላዕለዋይ ቀዳምነት 74 መዓልታት

ቀዳምነት 2 ለውጥታት ማእከላይ ቀዳምነት 127 መዓልታት

ቀዳምነት 3 ለውጥታት ታሕተዋይ ቀዳምነት 220 መዓልታት

5. እቲ ዕዮ ድሕንነት ብዘለዎ መልክዕ ከምዝካየድን ኣብ ነፍስወከፍ መጨረሻ መዓልቲ ገዛኹም ብጽሬትን ተውጊኑን ከምዝግደፍ ክነረጋግጽ ኢና።

6. ኣብ ኣባይቲ ዓማዊል ዝካየዱ ንኣሽቱ ናይ ለውጥታት ስራሕ ብዝምልከት ዕግበት ዓማዊል ክንመዝን ኢና።

7. ኣብ ኣባይቲ ዓማዊል ዝካየዱ ዓበይቲ ናይ ለውጥታት ስራሕ ብዝምልከት ዕግበት ዓማዊል ክንመዝን ኢና።

አስቤስቶስ( Asbestos)

1. ናይ ኣስቤስቶስ ፍተሻ ምልክታ ካብ ዝበጽሓና ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 2 ናይ ስራሕ መዓልታት እቲ ፍተሻ ዘድልየሉ ምኽንያትን ዝኾኑ ሕቶታት ወይ ዘተሓሳስቡ ነገራት እንተለዉኹም ናይ መራኸቢ ሓበሬታና ብዝሓዘ ጽሑፍ ክንሕብረኩም ኢና።

2. ምልክታ ካብ ዝተቐበልናሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ግዚያዊ ጸብጻብ ኣማሊእናክንሰድድ ኢና።

3. ናይ ኣስቤስቶስ ምልጋስ ምልክታ ካብ ዝበጽሓና ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 2 ናይ ስራሕ መዓልታት ብጽሑፍ ብምሕባር ናትናን ናይ ተኸናተርትናን መራኸቢ ሓበሬታን ናይ ኣስቤስቶስ ሓበሬታ መጽሔትናን ክንህበኩም ኢና።

4. ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘለዎም ተኸናተርቲ ብምጥቃም እቲ ዕዮ ምልጋስ ኣስቤስቶስ ኣብ ውሽጢ 17 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንውድእ ኢና።

5. እቲ ስራሕ ጽገና ብህጹጽ ክፍጸም ዘድልዮ እንተኾይኑ፡ ነቲ ኣቕሓ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ክንምርምሮ ኢና።

ኣገልግሎት ጽገና ጋዝ( Gas Servicing)

1. ኣኣብ 12 ኣዋርሕ ብናይ ጋዝ ዕዮ ምዝጉባት ዝኾኑ መሃንድሳት ፍተሻ ድሕንነት ኣቕሑትን መሳርሕን ጋዝ ብምክያድ ናይ ንብረትኹም ድሕንነት ክነረጋግጽ ኢና።

2. ዓመታዊ መዘከርታ ወረቐት ህሉው ኣገልግሎት መዓልቱ ቅድሚ

ምውዳቑ እንተወሓደ 8 ሰሙን ኣቐዲምና መዓልቲ ዓመታዊ ኣገልግሎት ጽገና ጋዝኩም ምእኻሉ ክነዘክረኩም ኢና።

3. ናይ ገዛኹም መሳርሒ ጋዝን ቱቦታትን ዓመታዊ ኣገልግሎት ጽገና ወይ ምርመርኡ ቅድሚ ምእኻሉ እንተወሓደ ሓደ ወርሒ ኣቐዲምና ብደብዳቤ ክነፍልጠኩምን እቲ ናይ ጋዝ ድሕንነት ምርመራ ዝግበረሉ ቆጸራ ክንህበኩምን ኢና። ነዚ ናብ ዝጥዕመኩም ዕለትን ሰዓትን ክትቅይርዎ ትደልዩ እንተኾይንኩም ናይ ተኸናታሪና መራኸቢ ሓበሬታ ክንህበኩም ኢና።

4. ኣብ ዝተሳማማዕናሉ ሰዓትን ዕለትን ክንመጽእ ኢና።

5. ነቲ ስራሕ ኣገልግሎትን ዝኾነ ኣድላዪ ጽገናን ኣማሊእና ናይ ጋዝ ድሕንነት ምስክር ወረቐት ሲፒ 12 ኣብ ውሽጢ 20 ናይ ስራሕ መዓልታት ክንህበኩም ኢና።

6. እንህቦ ናይ ጋዝ ጽገና ስራሕን ኣገልግሎት ድሕንነትን ብዝምልከት ዕግበት ዓማዊል ክንመዝኖ ኢና።

7. ናይ ጋዝ ኣቕሑት ብመሰረት ህሉው ሕግታት ጋዝ ይምርመር ከምዘሎ ዝምርግጋጽ ናይ ብሉጽነት ፍተሻ ከነካይድ ኢና።

ምምሕያሽ መንበሪ ኣባይቲ(Improving Homes)

1. ኣገልግሎት ዓማዊል ብዝምልከት ዕግበትኩም ክንመዝኖ ኢና።

2. ዘብጻሕናልኩም ኣቕሑትና ብዝምልከት ዕግበትኩም ክንመዝኖ ኢና።

3. ናይ ሰራሕተኛታትና ጠባይ፣ ስነ ስርዓትን ጠባያዊ ኣካይዳን ብዝምልከት ዕግበትኩም ክንመዝኖ ኢና።

4. ስራሕ ቅድሚ ምጅማሩ ምሳኹም ምስ እንፍጽሞ ናይ ሓበሬታ ርክብ ብዝምልከት ዕግበትኩም ክንመዝኖ ኢና።

5. ስራሕ ኣብዝካየደሉ ዘሎ እዋን ምሳኹም ምስ እንፍጽሞ ናይ ሓበሬታ ርክብ ብዝምልከት ዕግበትኩም ክንመዝኖ ኢና።

6. ኣብ ዝምልከቶ ኩነታት ኣብ ምኽሪ ንድፊ ዘለኩም ዕግበት ክንመዝኖ ኢና።

7. ኣብ ዝከኣለሉ ኩነታት ኣብ ምርጫታት ኣቕሑት፣ ማተኔላ ማዓጹን ዘለኩም ዕግበት ክንመዝኖ ኢና።

8. ዓመት ዓመት እንታይ ዓይነት ዓቢይ ስራሕ ከምዝካየድ ክንሓትም ኢና።

ምክያድ ኣገልግሎት ጽገና ሊፍት( Lift servicing )

1. ኣብ ሰሙን ን24 ሰዓታት 7 መዓልታት ናይ ሊፍትታት ኣገልግሎት ህጹጽ ኩነታት ሓደጋ ክንህብ ኢና።

2. ንኹለን ናይ መንበሪ ኣባይቲ መሳርሒ ሊፍትታት ዓመታዊ ኣገልግሎት ጽገና ድሕንነትን ምርመራን ከነካይድ ኢና።

3. ኣብ ውሽጢ ሊፍት ሰብ ከሎ ምስእትበላሸው ካብ ዝንገረና ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 1 ሰዓት ከነዐርያ ክንመጽእ ኢና።

4. ነተን ሊፍትታት ኣብ ዓመት 10 ግዜ ናይ ጽገና ኣገልግሎት ክንህበን ውሩይ ብዝኾነ ክኢላ'ውን ኣብ ዓመት 2 ግዜ ናይ ድሕንነት ፍተሻ ከነካይደለን ኢና።

5. ሊፍት ምስእትበላሸው ኣብ ውሽጢ 2 ሰዓታት ክንርከብን ነታ ሊፍት ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ክነዐርያን ኢና።

6. ሊፍት ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ክትከውን እንተኾይና ንምሳለ ልሙድ ስራሕ ጽገና ምስዝህልው ኣቐዲምና ክነፍልጥ ኢና። ነዚ ኣብ ናይ ዕግበት መጽናዕትና ብፍሉይ ሕቶ ክንመዝኖ ኢና።

7. ናይ ሊፍት ኣገልግሎት ብዝምልከት ዘለኩም ሓፈሻዊ ዕግበት እንተወሓደ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ክንመዝኖ ኢና።

ድሕንነት ባርዕ( Fire Safety)

ድሕንነትኩም ብቐጻምነት ዘገድሰና ጉዳይ እዩ፡ ስለዝኾነ ናይ ሓባር ቦታታት ወይ መሳርሒ ዘለዎም ኣባይትና ናይ ባርዕ ሕጊ ከምዝኽተሉ ንምርግጋጽ ክንዓዩ ኢና።

ንፍጽሞም ተግባራት፡

- ኣብ ናይ ሓባር ቦታታት ኣብ ውሽጢ 14 ኣዋርሕ ናይ ባርዕ ሓደጋ ስግኣት ምርመራ ምክያድ
- ዝኾነ ህጹጽ ኩነታት ሓደጋ ምስዝርከብ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ምዕያይ
- ዝኾነ ዝተረኽበ ዓቢ ነገር ምስዝህልው ምሕባርን ናይ ምዕራይ ስራሕ ኣብ ውሽጢ 7 ናይ ስራሕ መዓልታት ምውዳእን
- ዝኾኑ ካልኦት ዝተረኽቡ ነገራት ምስዝህልው ካብ ዝተፈልጡሉ ግዜ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 28 መዓልታት ምዕያይ።.(